# ዓቓን ናይ መጀመሪያ 100 መዓልቲታት ፕረዚደንት ጌታቸው ረዳ - ብዓይኒ ፖለቲከኛታትይ ነጠፍቲ ማህበራዊ ሚዲያ ትግራይ

## 1. መእተዊ

ኣይተ ጌታቸው ረዳ ፕሬዚደን ጊዜያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኾይኖም ካብ ዝምረፁ ሎሚ ሰንበት ሰነ 18 2015 ዓም 100 መዓልቲ መሊኢዖም ኣለዉ፡፡

መጋቢት 8 2015 ኣብ ዝተመረፀሉ እዋን ዩኤምዲ ሚዲያ ካብ 498 ሰባት ብምምራፆም ዝተሰመዖም ስምዒት፤ ኻብኦም ታይ ኽምዝፅበዩ ድማ ካብ 527 ሰባት ኣብ ቲውተር ድምፂ ኣተኻኺባ ነይራ፡፡




በዚህ ምኽንያት ዝተፈላለየ ኣተሓሳስባ ይውክልይ እዮም ንዝበልናዮም ኣብ ፌስቡክን ቲዊተርን ንዝነጥፉ ሰባት እዘን ዝስዕባ 3 ሕቶታት ል ኢኽናሎም ዝሓቡና መልሲ ሒዝና መፂና ኣለና፡፡

1) ካብ 100 ኽንደይ ነጥቢ ትሕቦ?

2) ዝገብሮም ነጥቢ መውሓቢ ስራሕቲ

3) ኽገብሮም ናተገበአ ዘይገበርም  ነጥቢ መስአንቲ ስራሕቲ

## 2. ካብ መራሕቲ ውድባት  ዝተረኸበ መልሲ

ዶ/ር ፀጋዝኣብ ካሕሱ ( ባይቶና)  - 65/100

ኣይተ ዶሪ ኣስገዶም (ዓሲምባ)¨ 60/100


ኣይተ ሃያሉ ጎደፋይ ( ሳወት)  - 9/100

ዶ/ር ደጀን መዝገበ ( ውናት)  - 5/100

## 3. ካብ ሓፋሽ ዝተረኸበ መልሲ

373 ሰብ ኣብ ቲውተር መሊሱ፡፡ ካብ 373 ሰባት

21% ልዕሊ 85 ካብ 100
35% ካብ 50-55 ካብ 100  ዝሃብዎ እንትኾኑ:
23% ላብ ዜሮ ዝፅጋዕ
21%  ድማ  ትሕቲ 50 ማለትውን 45-49 ካብ 100 ሂበዎም ኣለዉ።




## 4. ካብ ነጠፍቲ ማሕበራዊ ሚድያ

እቲ ፀብፃብ ዝምልከት

- ብውሽጢ መስመር ዝተረኸቡን ዘይተረኸቡን መልሲታት ጥራሕ እዩ ዘካትት፡፡
- እቶም መለስቲ ብግእዝ ፊደል ቅደም ሰዓብ እዩም ተቀሚጦም ዘለዉ፡፡
- ብናይ ፌስቡክ/ትዊተር ስሞም እዮም ተቀሚጦም ዘለው ፡፡
- እቲ ዝተውሓበ መልሲ ኽምዘሎ እዩ ተቀሚጡ ዘሎ፡፡

**ሒገን ሒገን (Facebook): 50/100**

For example ኣነ ክግበሩ እኒሃ ኢለ ልሓዝኹዎም 1)ልሰራሕተኜታት ደሞዝ ምኽፋል 2) ልውጉኣት ልግበኦም ብኽፊል ምምላእ።ልብሉ እዮም ነይሮም። እዚኣቶም ብኽፊል ኣማሊኡ ልብል እምነት እኒሃኒ 50%

**Mehari D Hawku (Facebook): 3/100**

- 2. ዜሮ ምሃብ ክኸብድ ይኸውን ምኽንያቱ ኣጋይሽ ይቕበል ስለዘሎ። እቲ ኣጋይሽ ምቕባል ነጥቢ ከውህብ እንተኾይኑ ፍረ ከፍሪ ነይርዎ ግን እዚ ዝበሃል ፍረ ኣይረአን ዘሎ። ብፍላይ ምስ ናይ ወፃኢ ዓድታት ዲፕሎማሰኛታት ዝገብሮ ርክብ ኣብ ባይታ ዝረአ ውፅኢት ከምፅእ እንተዘይኪኢሉ ፎቶ ኮይኑ እዩ ዝተርፍ። እቲ ምስ ናይ ክልል ኦሮሚያን ኣምሓራን ዝገብሮ ዘሎ እውን ብኣብዪ ኣሕመድ ዝወፅአ ትልሚ እምበር ናይ ባዕሉ ኣይመስለንን። ንሱ ከዓ ኣብ ባይታ ዘምፅኦ ለውጢ ኣይከህሉን። ንኣብነት ናብ ክልል ኣምሓራ ዝገበሮ ጉዕዞ ፍረ ኣፍርዩ ዶ እንተይልና እዚ ዝበሃል ዘፍረዮ ነገር የለን። ናይ ትማሊ ናይ ኣሜሪካ ልኡኻት ኣብ ራያ ዘካየድዎ ዑደት ምርኣይ ይካል እዩ። ስለዚ እዚ ኣጋይሽ ምቕባል ኣብ ከይዲ ደኾን ዝተወሰነ ኣወንታዊ ፅልዋ ከህልዎ ይኽእል ብምባል 3% ሂበዮ ኣለኹ።
- 3. ጌታቸው ክሸየም ከሎ መራሕቲ ህወሓት ናብ ሕጊ እምበር ናብ ስልጣን ክድይቡ ከምዘይግበኦም ገሊፀ ጌታቸው ለውጢ ከምፅእ ዝኽእል ሰብ ከምዘይኮነ ፅሒፈ ነይረ። ስለዚ ኣብኡ ተስፋ ስለዝነበረኒ ዘይኮነስ ብመትከል ደርጃ ክዓሞም ዝገበአ ዘበሩ ግን ዘይዓመሞም ክገልፅ። መጀመርያ ኣብ ሚድያ እናቀረበ ዝኣትዎም መፅባዓታት ብዙሓት እዮም ነይሮም። ንምዝካር እኳ ክፅገም እየ። ኣብ UMD ሚድያ ቀሪቡ እኳስ ብዙሕ መፅበዓ ኣትዩ ነይሩ። ሐዚ ነጥቢ ክስእን ዝገበርዎ ምኽንያታት እቶም መፅበዓ ዝኣተዎም ክኾኑ ይኽእሉ ዘይክኾኑ እውን ይኽእሉ ግን ካብ ብዙሓት ውሱናት እዞም ዝስዕቡ እዮም:-
- ኣካሎም ጎዲሎም ኣብ ሕክምና ዝርከቡ ኣባላት TDF እኹል ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ፣ ኣካሎም ቶሎ ክፅግነሎም ዝኽእል ናይ ምግቢ ኣቕርቦትን ፅሬት ዘለዎ መደቀስን ካልኦት ናይ ድጋፍ መሳረሕን (ከም ዊቼር ዝመሳሰሉ ከቕርበሎም ኣይከኣለን ብትደጋጋሚ ሕቶ ኣቕሪቦም ሕቶኦም ክምልሰሎም ኣይከኣለን። (btw, ኣዋሽ ዝበሃል መሐከሚ እዞም ኣካል ጉዱኣት ከይደ ሪአዮ ነይረ ናይ ጓሓፍ መጠራቓሚ እዩ ዝመስል ነይሩ ብጣዕሚ መሕዘኒ)።
- ስድራ ስውኣት ናይ ደቆም ፥ ኣንስቶም ፥ ሰብኡተን ወለዶም መስዋእቲ ብስርዓት ክንገሮም ይግባእ ነይሩ። መርድእ ድሕሪ ምንጋር ስድራ ስዉኣት ዝግበኦም ኣድላዪ ዘበለ ሓገዝ ክግበረሎም ይግባእ ነይሩ። እዚ ኩሉ ኣይተተግበረን።
- ውዕሊ ፕሪቶርያ ናብ ተግባር ክሸረፍ ዘይምግባር። ብፍላይ ወረርቲ ሓይልታት ካብ መሬትና ክወፁ ምግባርን ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ናብ ዝነበሮ ክምለስ ምግባር ዓብዪ ዕማም ናይ ጌታቸው ነይሩ ኣይገበሮን። ምስዚ ዝተሓሓዝ ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ክምለሱ ምግባር ነይሩ ኣይተገበረን።
- ተመዛበልቲ እኹል ርዳእታ ክረኽቡ እናተገበ ነዚ ዘድሊ መስርሕ ዘርጊሕኻ እኹል ርዳእታ ክረኽቡ ኣብ ክንዲ ምግባር ብናቶም ግዕዝይናን ስርቅም እቲ ዝርከብ ዝነበር ቁንጣሮ እውን ደው ክብል ገይሮም።
- ኣብ ወረዳታት ህዝቢ ብዝመረፆ ንክመሓደር ስርዓት ዘርጊሕኻ ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ክንዲ ምስፋን ህዝቢ ኣብ ርእሲ ጥምየቱ ብካድረታት ይሳቐ ኣሎ። ስለዚ ናይ ወረዳ ምምሕዳር ኣየጣየሸን።
- ብዛዕባ ፍትሓውነት ካብ ኣብ ሚዲያ ምዝራብ ሓሊፉ እዚ ዝበሃል ስራሕ ኣይተሰርሐን።

- ማሕበራዊ ኣገልግሎት (ትምህርቲ ፣ ጥዕና ወዘተ) ዝምልከት እዚ ዝብለሃል ዝተሰርሐ ስራሕ የለን።
- ሕርሻ ዝምልከት ምሩፅ ዘርእን መዳበርያን ኣብ ምቕራብ የለን ወይ ድማ ብጣዕሚ ድኹም እዩ።
- ፀጥታን ድሕንነትን ህዝቢ ከረጋግፅ ኣይከኣለን።
- ኩሉ ዓቕሚ ትግራይከንጥቀም ኢና ዝበሎ ዜሮ
- ስረሐይ ብዝግባእ እንተዘይ ሰሪሐ ስልጣነይ ብፍቓደይ ክለቅቕ እየ ዝበላ እውን ዜሮ
- ክንደይ ኢለ ክዝርዝር

## Melaku Raya Geez (Facebook): 25/100

ዝገበሮም፦

- ምስ ፌደራል መንግስቲ ዝሓሸ ርክብ ምፍጻሙ።
- ባህርዳ ምኻዱ።
- ኣብ ሚድያ (UMD) ምቕራቡ

ዘኢገበሮም፦

- ምሉእ ደሞዝ ርዳታ (ሓገዝ) ንኩሉ ህዝቢ ክወሃብ ዘይምግባሩ
- ንሓሩስታይ ድኹዒ ዘኢምሃቡ
- ጸጥታን መሰረታዊ ግልጋሎትን ከውሕስ ዘኢምኽኣሉ
- ቐጻልነት ከይዲ ምምሕዳሩ ዘኢምንጻሩ
- ብሔራዊ ስምረት ክፈጥር ዘኢምፍታኑ
- ንተጋደልቲ ግቡእ ክንክን ክውሃብ ዘኢምግባሩ
- ኣብ ጉዳይ ተሙዛበልቲ ንጹር መምለሲ ግዜን ሓቤረታን ዘኢምህላዉ (ብኣግጉል ተሰፉ ...)
- ምስ ጐረባብቲ ተቐራርካ ንምልዛብ ዘኢምንጻሩ
- ኣብ ኢትዮጵያ (ፌደረሽን፥ ቤት ምኽሪ ፥ ሚኒስትራት፥ ...) ዘለና ስርዓታዊ ብጽሕት ዘኢምንጻሩ
- ዝመርሖ ምምሕዳር ተጸዋዕነቱ ቅቡልነቱ ሓላፍነቱ ዘኢምንጻሩ

## Mulubirhan Assefa (Facebook): 20/100

- Confidence building with genocidal forces (though it's bitter). Keeping himself from extremists within and outside his party.
- ineffective Implementation of COHA and lack of transparency, being part of blamer in silence, Not action talk only behavior, and not risk taker
- In number 3 (above point), he is almost giver but in such COHA you have to be in give and take principle. He is both the signatory and leader.

## ምሕረተ ኣብ (Facebook) : 20/100

2 - ብህዝቢ ዝለዓሉ ፀገማት 'ይርዳእ'። ንቶም ፀገማት ሓላፊነት ይወስድ። ንኣብነት ውጉኣት ዘልዐልዎም ሕቶታት። ዋላ ብተግባር ንምፍታሕ እዚ ዝበሃል ነገር ተዘይገበረ።

3 - ፌደራል መንግስቲ ጊዝያዊ መንግስቲ ትግራይ እንትምስረት መፅበዓ ዝኣተዎም :-

ሀ - ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ክኽበር

ለ - በጀት ክልቀቕ

ሐ - እሱራት ኹሎም ክፍትሑ

መ - ህወሓት ካብ ኣሸባሪነት ክስረዝ።

ካብ እዚኦም ኹሉ ንህወሓት ካብ ኣሸባሪነት ምስራዝ ጥራሕ እዩ ኣሳኺዑ።

ካብኡ ብተወሳኺ ፣ ጊዝያዊ መንግስቲ ትግራይ ባዕሉ ዝኣተዎም ቃል።

ሀ - ውድብን መንግስትን ክንፈላለ ኢና

ለ - ናይ ኹሉ ኣሳታፋይነት ክነረጋግፅ ኢና።

እዚኣን ክልትኤን እውን ወረ ጥራሕ ኾይነን ተሪፈን።

| Rutha (Facebook): 15/100 |
|---|

2) ምስ ፌደራል መንግስቲ ዝተበተኸ መሰረታዊ ግልጋሎትን ርክብን ክምልስ ብምኽኣሉን: ኣንፃራዊ ህዝቢ ትግራይ ዝተወሰነ እፎይታ ክረክብ ምግባሩን::

3) ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ኣየመለሰን: ዝተፈናቀሉ ህዝቢ ናብ መረበቶም ኣይመለሰን: መንግስታዊ ስራሕቲ ሙሉእ ብሙሉእ ክምልስ ኣይኸኣለን: ፓርትን መንግስትን ክፈላሊ ኣይኸኣለን: ሓገዛት ብስሩዕ ክባፅሕ ኣይኸኣለን: ጉዱእ ኩናት ዝግበኦም ሓገዝ ክረኽቡ ኣይተገበረን: መፃኢ ትግራይ ብንፁር ክፍልጥ ኣይኸኣለን: ምስ ተቃወምቲ ውድባት ሓቢሩ ክሰርሕ ኣይኸኣለን ወዘተ

| Redaé Gebre (ወዲ ርግኦ) (Facebook): 11/100 |
|---|

- (1/25%) for trying to amend relationships with the federal government but he has no tangible results.
- He didn't return IDPS (0/25%),
- He didn't produce anything with regards to democratization ( 0/25%),
- He didn't provide services to the lower class or farmers ( 10/25%).
- Total 11/100% = F Grade

| ሰመረ ገብረዋህድ (Facebook): 5/100 |
|---|

እዚኤን እዉን ነተን ንመንግስቲ ሰራሕተኛታት ብዝከፈልን ናይ 4 ወርሒ ደሞዝ እዩ።

ከገብሮ ዝግባእ ኣብዚ ንምዝርዛር እኳ ከቢድ እንተኾነ

1.ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ምምላስ ምንም ኣይተፈፀመን።

2.ዉድብን መንግስቲን ምፍላይ።

3.እቲ ዝነበረ ዝተበላሸወ ምሕደራ ብሓድሽ ክትካእ ምግባር።

4.ጉዳይ ተሓታትነትን ፍትሕን ገበና ጀኖሳይድ(ኣብዚ ብኣንፃሩ ክንቀሳቐስ ተራእዩ እዩ)

ንዓይ እቶም ዓበይቲ እዮም።

ሳሚ ኢታይ (Facebook): 45/100




Shewit Wudassie (Facebook)፡ 8/100

2. መስረታዊ ግልጋሎታት ምምላስ ፣ ደሞዝ ምኽፋል ምጅማር (ክልቲኡ ብኽፋል)

3. ግዝኣት ትግራይ ለይምውሓሱ ፣ ተፈናቐልቲ ናብ መረበቶም ለይምምላሶም ፣ ውዝፍ ደሞዝ ለይምኽፋሉ ፣ ስራሕቲ ሕውየት ለይምጅማሩ ፣ መርድእ ስውኣት ለይምጋሩ ፣ ኢኮኖሚያዊ ምንቅስቓስ ብኣግባቡ ለይምጅማሩ ፣ ንሓረስታይ ለድልዩ ግብኣታት ለይምቅራቡ ፣ ደሕንነት ከተማታት ውሑስ ለይምግባሩ...

## Brhane's Perspective (Facebook): 24.5/100

ሰላም Prof. Getachew Assefa ዋላ እኳእ ከምቲ ንፈልጦ, ጌታቸው ረዳ በይኑ ዝዝዉር ስርዓት ተዘይኮነ, ኣብ ቅድሚት መራሒ ስለዘሎ በዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት Evaluate ክገብሮ ይደሊ።

| ተ.ቁ | ረቛሒታት | ነጥቢ / 100 | Comments |
|---|---|---|---|
| 1 | ምስ ዝተወረረ መሬት ዝተትሓዙ ነገራት(ብጣዕሚ ወሳኒ ነገር): ኣብ ምምላስ ዝተሰርሑ ስርሓቲ | 15 | |
| 2 | ኣብ ምምላስ ዝተመዛበሉ ዜጋታትና ዝተትሓሓዘ | 15 | |
| 3 | ብ ጉዳኣት ኩናት TDF ዝተሓተቱ ሕቶታት ብተግባር ኣብ ምምላስ | 10 | |
| 4 | ሰላምን ጸጥታን ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ትግራይ ዝተገበረ ለዉጢ | 25 | |
| 5 | ኣብ ትግራይ ዘለዉ ወረራታት መሬት፥ ዘይሕጋዊያን ነጋዶ፥ ኣብ ምስትካል፥ | 40 | |
| 6 | ምስ ፈደራላዊ መንግስቲ ፥ ወዘተ ዝተሰርሑ ድፕሎማሲታት | 60 | |
| 7 | ዝተቋረጸ ሰብ ኣዊ ሓገዝ ፥ ምስ ናይ ወጻኢ ትካላት ዝተሰርሐ ድፕሎማሲ | 25 | |
| 8 | ኣብ ትግራይ ጠፊኡ ዝነበረ ዲሞግራሲ ፥ ፍትሒ፥ማዕርነት፥ ኣብ ምምላስ፥ | 20 | |
| 9 | ኣብ ትግራይ ዝዓነዉ ትካላት ኣብ ምትካእ፡ ወዘተ (Tigray rehabilitation) | 30 | |
| 10 | ሚድያ ነጻነትን ካልኦት ምስ ናይ ትግራይ ሚድያታት ዝተንከፉ ነገራት፥ | 5 | |
| | **ድምር ነጥቢ = 245** | **Average: 24.5** | |

**By: Brhane's Perspective:**

**ረኢቶ፥ ዝተፈላለዩ ሰባት ኣብዘን ዘቀመጥኩወን ረቛሒታት ዝተፈላለየ ነጥቢ ክህቡ ይኽእሉ፥ እዚ ብናተይ መነጸር ኢዩ፥ ብ ኣኹም መነጸር ኢዚ ዉሑድ ወይ ልዑል ክኾን ይኽእል፥ ዘገድስ ድማ ኣይኮነን፥ ኢዚ ብዉልቀይ ዝገብርክዎ ድኣ እምበር ፥ ን ማንም ትካል ወኪለ ከምዘይኮነ እዉን ከተሓሳስብ እደሊ!!**

## Tedros G. Belay (Facebook): 3/100

2) ንዝተወሰነ ግዘ ናይ ሰራሕተኛታት ደሞዝ ምኽፋሎም።

3) ምኽንያታት መስኣኒ ነጥቢ

- ደቦዊ ሓድነት ትግራይ መሊሶም ተመዛበልቲ ተጋሩ ዘይምምላሶም
- ተነሓነሕቲ ክንዲ ዝግባእ ውድባት ትግራይ ዘይምቅራቦምን ሓቢሮም ዘይምስርሖም
- ቁሱላት ተጋደልቲ ዘይምክንኻኖም
- ውድብን መንግሰትን ክፈላልዩ ዘይምኽኣሎም
- መርድእ ጀጋኑ ተጋደልቲ ብኽብሪ ዘይምርድኦም
- ከይዲ ዳግመ ፅንበራ ዘይምጅማሮም
- ንሓፈሻዊ ጥፍኣታት መሪሕነት መንግስቲ ትግራይን ሓይሊ ምክልኻል ትግራይን መርሚሩ ናብ ፍትሒ ዝወስድ Commission of Enquiry ዘይጥያሾምን ድሌት ዘይምርኣይን
- ትካላት ትእምት ብኣግባቡ ክቆፃፀሩ ዘይምኽኣሎም
- ጥሮታ፡ ጥሮተኛታት ተጋሩ ወገናት ዝኽፈልሉ ባይታ ዘይምጥዕዓሞም
- ግልፅነት ዘይምፍጣሮም

## Tsegay Gebremedhn (ሓርነት)(Facebook): 10/100

ሓደ ንሰራሕተኛታት መንግስቲ ትግራይ ካብ ናይ ክልተ ዓመት ደመወዝ ናይ 4 ወርሒ ደመወዝ ስለዘኽፈለ።

ዝተፈናቀለ ህዝቢ ናብ መረበቱ ክምለስ እናተገበአ ኣይተመለሰን።

ኣብ ትግራይ ረዲኤት ሰሪቖም ሰብ ብጥሜት እናሞተ እናሃለወ እሞ ድማ ብመሓውሩ ዝተፃረየ ፀብፃብ እናሃለዎ ዝወሰዶ ስጉምቲ የለን።

ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ክምልስ ይኽእል ነይሩ እዩ።

ኣብ ሞንጎ ፖለቲካዊ ሓይልታት ትግራይ ሓብርካ ናይ ምስራሕ መድረኽ ብሄራዊ ምርድዳእ ክገብር ይኽእል ነይሩ እዩ።

ኮይኑ ግና ናይ ካድረታቱ ቆለ ኽጥብር እዩ ላሕ ዝብል ነይሩ።

UMD Media

**Temesgen|ተመስገን (Twitter): 25-40/100**

Hard to give an accurate estimation mainly for two reasons: first, the mandate for the IRA is not clearly defined. Why was it established and what was it is expected to fulfill is not clearly defined in the agreements. Second, everything the IRA is expected to carry out is dependent on external actors, like the Ethiopian government, AU and US. Makes it difficult to evaluate, but here are my evaluation of the IRA.

1) Give them 25-40/100

2) Halt and disengage from all forms of military engagements, smooth DDR and responsible use of media (the last one can be taken positively with regard to Ethiopia, but it has been a detriment for Tigray)

3) Here the list is long: Protection of civilians, delivery of humanitarian aid, return of IDPs and refugees, monitoring and verification of withdrawal of non-ENDF forces, justice and accountability, failure to institutionalize the peace agreement - there is too much PR and very little concrete change in policy.

Democracy and freedom, rule of law, justice within Tigray,....they could have done a lot of things, they seem to lack the political will (IMO).

**Abraham Asefa (Facebook): 50/100**

ቅድሚ ከባቢ ወርሒ ከምዚ ኢለ ነይረ ኣብ መንደቐይ: "ድሕሪ ዕንክሊልነት ዝመፀ ግዜያዊ መንግስትና ሓድሽ ተስፋ ጌርልናሉ ኔርና። ሰናይ ትምኒት እውን ተመኒናሉ ኢና። ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ምምላስ፣ ንጀነራል ፃድቃን እኳ ክስከም ዝተሸገረ pity vanguardism ኣወጊዱ ምህዳር ዲሞክራሲ ምስፋሕ፣ ኣጠቓላሊ ከባብያውን ዓለማውን ኩነታት ገምጊሙ ናይ alliance ለውጢ ምምፃእ፣ ንቡር መንግስታዊ ስራሕቲ ምስላጥን ድሕንነት ምርግጋፅን ፣ ንዳግመ ህንፀት ትግራይ ድጋፍ ምርካብ ክኽእል ትፅቢት ንገብር።

**Abel Tsgabu (Facebook): 40/100**


ነጥቢ ዘገነየሎም ስራሕቲ

- ምስ ፌደራል መንግስቲ ዘለና ርክብ ምምሕያሽ (ፀላኢ ምቕናስ)
- ደሞዝ ሰራሕኛ ምኽፋል(ዋላ ሙሉእ ኣይኹን)
- ሓደ ሓደ ናይ መሰረተ ልምዓማት
- እሱራት ምፍታሕ (ኣቦይ እውን ስለ ዝተፈተሐ 😁)
- ትምህርቲ ምጅማር
- ናመንግስቲ ቤተ ዕዮታት ላብ ስርሑም ክምለሱ ዝግበር ሎ ፃዕሪ

ዘይተገበሩ ስራሕቲ

- ምኽባር ዶባዊ ሓድነት ትግራይ
- ተፈናቐልቲ ምምላስ
- ጉዳይ ተጋደልትና ሓደ መዕለቢ ክገበር ምግባር

- ናይ ህዝቢ ድሕንነት ምሕላው
- ህዝቢ ኣደዳ ስርቅን ቕትለት ከይኾን ምክልኻል
- ግልፅነት ኣሰራርሓ መንግስቲ ዘይምህላይ(ካብ ናይ ኩናት ጊዜ ብዝገደደ መልክዑ)

| Ashenafi Weldemariam (AW Tigraway) (Facebook): 30/100 |
|---|
| 2. ፅቡቕ ዝመስል ረኽቢ ምስ ኣብይን ልኡኻት ዲፕሎማትን, ተስፋ ዝህቡ ዝመስሉ ናይ መድረኽን ሚድያን ዘረባታት, በጀት ናይዚ ዓመት ንኽልቀቕ ምስሩሑ ኣብ መቐለ ተጀሚረን ተቋሪፀን ዝነበራ ናይ ኣስፋልት መንገዲ ክስርሓ ብምግባሩ<br><br>3. ህዝብና ናብ መረበቱ ክምለስ ዘይምግባሩ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ከረጋግፅ ዘይምኽኣሉ ፀላእቲ ካብ ትግራይ ክወፁ ዘይምግባሩ ሞት ተጋሩ ብሰንኪ ጥምየትን ስእነት መድሓኒትን ከምኡ እዉን ፀላእትን ዝቕፅል ዘሎ ሰላሕታዊ ፅንተት ጠጠው ክብል ዘይምግባሩ ውድብን ግምትን ከፈላለዩ ዘይምግባሩ ቃል ዝኣተዎም ብተግባር ዘይምፍፃሙ ሓቋፊ ዘይምኳኑ ሰርቕቲ ርዳእታ እኽሊ ናብ ሕጊ ከቕሩቦምን ጉቡእን መምሃራይን ቅፅዓት ዘይምሃቡ ፀጥታን ድሕንነትን ህዝቢ ክሕሎ ዘይምግባሩ ሕቶ ውግኣት መፍትሕ ክረክብን እቶም መንበዒ ጋዝ ንኽትኮስ ትእዛዝ ዘሕለፉ ሳባት ክሕተቱ ዘይምግባሩ ወዘተረፈ |
| Kidane Amene (Facebook):  |
|  ይቕሬታ ዶክተር፣ ለካ ንፀጋዝኣብ ኣቕሪብካዮ ኢኻ። ምስኡ ምውዳእ ይሕሸካ። እዙ ኹሉ ሕጋውነት እናልዐልና ንፀጋዝኣብ ኢንተርቪው ገይርካዮ ኣለኻ።<br><br>ናተይ ሪእቶ እውን ከይትሕዘለይ፣ ስሒበዮ ኣለኹ። ስለዚ ብሽመይ ትህቦ ነጥቢ ከይህሊ። ምስቲ ናይ ባይቶና ኣቦወንበር ትብሎ ወድእ። የቐንየለይ። |
| Yibabe Tilahun Woldearegay (Facebook): 60/100 |
| 2.<br><br>a)He did his best in building trust with the PP gvt<br><br>b) He managed to get a certain budget<br><br>c) Released thousands of political and war prisoners<br><br>d) He managed to dissolve PP admin in Central and most parts of SW Tigray and replaced it by Tigrayan administration accountable to him<br><br>d) He tried to open schools and government services in the area he administers.<br><br>3. Task not yet accomplished:<br><br>a)Enemy occupied whole Western Tigray, Tselemti & Dimma Wiredas of NE Tigray, parts of Tahtay Adriano not yet returned |

b) Eritrea bordering areas of Central and Eastern Tigray, not least Irrob land under foreign forces

c) 6 Woredas of Southern Tigray are controlled by enemy

**Yared' (Twitter): <10/100**

ንጌታቸውን ስራሕቱን ዝዕቅኖም ብፕሪቶሪያ ውዕሊ መሰረት ጥራሕ ከይኮነስ ከም ብሄርተኛ ትግራዋይ ድሕሪ እቲ ውዕሊ ኣብቲ ብሄር ንዘንፀላለዉ ሓደጋታት ነቲ ውዕሊ ይኹን ካልኦት leverages ተጠቂሙ እንታይ ሰሪሑ ብዝብልን እውን እዩ።

ዝገብሮም ነጥቢ መውሓቢ ስራሕቲ -

- ምስ ሚዲያ ዝተተሃዙ ለውጥታት ንርእ ኣለና - ዋላ ብጣእሚ ውስን እንተኮነውን።
- ፖለቲካዊ ውድባት ካሊእ እንተተረፈ ኣዳራሽ ምክራይ ምክኣሎም።

ኽገብሮም ናተገበኦ ዘይገበሮም ነጥቢ መስኣንቲ ስራሕቲ -

- ነቲ ዘለናሉ ገዚፍ ብሄራዊ ፀገም ንምፍታሕ እቲ ዝዓበየ ኣቕምና ኣብ ምርድዳእ ብዝተደረኸ ሓድነትና ኣቢሉ ዝመፅእ ኣቕምና ከምዝኮነ ይኣምን'ዩ፤ ድሕሪ ማልሲ ደብረ ብርሃን ንዘሰኣናዮ ሓድነት ን ፕሪቶሪያ ውዕሊ ተጠቂሙ ንኹሉ ዘኻተተ ግዚያዊ መንግስቲ ብምጥያሽ ኣቢሉ ክመልሶ እናተገብኦ ዘይምግባሩ።
- ብፕሪቶሪያ ውእሊ መሰረት ናይ ትግራይ ግዝኣታት ምምላስ ይኹን ካልኦት ምስቲ ውእሊ ዝተትሓዙ rights ክፍፀሙ ዘይምግባሩ ጥራህ ዘይኮነስ ብዘይ ምንም ውሕስና ብወገን ትግራይ ኣብቲ ውእሊ ዝተቐመጡ ሕድሕድ ግዴታታት ንክፍፀሙ ምግባሩ።
- ን TDF ምዕቃብ ይትረፍ እሞ እታ ዝወሓደት ጠለብ - ምግቢን ሕክምናን - ክምልስ ዘይምክኣሉ። ብዛእባ እቶም ፈቀዶ ማእሰርቲ ኢትዮጵያ ዝሳቐዩ ተጋሩ እዚ ዝበሃል ስራሕ ዘይምስርሑ።

**Dawit Kebede (Facebook): 15/100**

2. ብዝተወሰኑ መንገዲ እሱራት ንኽፍትሑ ብምግባሩ 10% ሂበ ምስ ክልላት ዝገበሮም ናይ engagement ንጥፈታት (ዋላኳ እቲ initiative ናይ ኣብይ እንተኾነ) ኣብ ናቱ ናይ ምምሕዳር term ብርክት ዝበሉ ክልላት ንዳግመ ህንፀት ኣውፈዮም እዮም ንዚኣ 5% ትግበኦ እያ (እቲ 95% ናይ ኣብይ እዩ ኢለ ስለዝኣምን እየ)

3. ሓሙሽተ ዋና ዋና pillars ኣለዉ

A. ተፈናቐልቲ ናብ ቦቶኦም ምምላስ (0%)

B. ኣብ ትሕቲ ወራር ዘለዉ ግዝኣታት ትግራይ ናብ ቦትኦም ምምላስ (0%)

C. ዳግመ ህንፀት ገና እዩ (እቲ ኣብ ላዕሊ ዝገለፅክዎ 5% ዓወት ከምዘሎ ኾይኑ)

D. እሱራት ምፍታሕ (ዋላ ብርክት ዝበሉ ዘይተፈትሑ እንተሃለዉ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝገለፅክዎ 10% ኣሳኺዑ እዩ)

E. ናይ ተሓታትነት ጉዳይ (ዋላ ናይ ካልኦት stakeholders ተሳትፎ ዝሓትት እን

**Dekike Arius (Facebook): 10/100**

2 ጊዜያዊ መንግስቲ ኣብ መቐለ ምጥያሹ ጥራሕ

| |
|---|
| 3 ግዝኣት ትግራይ ብውዕሊ ፕሪቶሪያ መሰረት ምምላስ፣ ደሞዝ ሰራሕተኛ ምክፋል፣ ስርዑን መደበኛ ስራሕ መንግስቲ ኣብ ትግራይ ክህሉ ምግባር፣ |
| Dori Asgedom: 60/100 |
| 2) ፅቡቅ ናይ ውሽጢ ዓዲን ወፃኢ ዓዲ ርክባት ምግባሩ _ ንመሓውር ዞባን ክልልን ኦሮንተሽን ምሃቡ _ ኡሱራት ክፍቱሑ ምግባሩ _ ማህያ ሰራሕተኛታት መንግሰቲ ም'ኽፋሉ _ክልላትን ኢትዮጰያ ናይ ገንዘብን ንዋትን ሓገዝ ንክገብሩ ብምትሕብባሩ <br> 3 _ወረርቲ ዘይምውፃኦም _ተፈናቀልቲ ናብ መረበቶም ዘይምምላሶም _ ብገበርቲ ሰናይ ዝወሃብ እርዳእታ ምቁራፁ ኢዮም። |
| Gebremeskel Kassa Taffere (Facebook): 90/100 |
| 2] <br> -ነገራት ናብ ንቡር ምምላስ፣ <br> -ውዕሊ ሰላም ከይፈርስ ምትእምማን ምፍጣር፣ <br> -ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ፖሎቲካ ናይ ኣሰላልፋ ለውጢ ንክመፅእ ምግባሩ፣ <br> -ዕውታት ዲፕሎማሲያዊ ርክባት ምግባሩ፣ <br> -ደመወዝ ሰራሕተኛታት ም'ኽፋል ብዝምልከት ፅቡቃት ጅማሮታት ምህላዎም፣ <br> -ውሽጠ ፖሎቲካ ትግራይ ናብ ጎንፂ ከየምርሕ ምግባሩ፣ <br> -ዕውታት ህዝባዊ ዋዕላታት ምክያዶም፣ <br> -ዝተፈላለዩ ወገናት ኣብ መንግስቲ ትግራይ ተቋውምኡ ብሰለማዊ መንገዲ ንክገልፅ ምፍቃዱ [ቁሱላት TDF፣ ተመዛበልቲን ጡረተኛታትን ዝገበርዎ ሰልፊ ኣብ ናይ ትግራይ ታሪኽ ናይ መጀመርያ እዩ]፣ <br> - ምስ ትካላት ረዲኤት ዝገበሮም ርክባት <br> -ለያቡ ብሕጊ ንክጥየቁ ዝኸዶ ጅማሮ -ትምህርቲ ክጅመር፣ ሕክምና ብውሱን መልክዑ ክኽፈት ምግባሩ <br> 3] ናይ ዞባን ወረዳን ድኹማት ኣማሓደርቲ ክቅየሩ ዘይምግባሩ። <br> ህዝቢ ናይ ከተማ ከንቲባታትን ወረዳ ኣማሓደርትን ባዕሉ ክመርፅ ዕድል ክዋሃቦ ይግባእ ነይሩ። እዚኣ ኣይፈፀማን። <br> ጉዳይ ግዝኣታዊ ሓድነት ምሕላውን ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ምምላስን ግና ብናይ ጌታቸውን መንግስታዊ መሓውሩን ድሌት ጥራሕ ዝፍፀም ኣይኮነን። ዓበይቲ ስራሕትን ትፅግስትን ዘድልዮ ጉዳይ እዩ እውን። |
| Getachew Temare (Twitter): 50/100 |
| The first 100 days of the interim administration in Tigray have proven to be a complex endeavor, requiring careful evaluation. The administration has faced internal and external power struggles, impeding significant advancements. Managing the post-conflict era is an uphill battle, especially given the current leadership under Getachew Reda, which has added to the existing challenges. If we were to assign a quantitative measure, it would be approximately 50 percent. One notable achievement is the preservation of negative peace, a crucial milestone. Tigray has made some progress in normalizing socioeconomic and cultural conditions, with efforts made to reinstate bureaucracy and restore law |

enforcement mechanisms. Moreover, the administration has fostered connections with the federal government and international actors, essential for the region's reconstruction.

However, a critical shortcoming of the administration has been the inability to repatriate internally displaced persons (IDPs) to their homes before the onset of the rainy season. While acknowledging the complexity of this task, the administration should have taken proactive measures to counter the Amhara's ethnic cleansing strategy and provided a transparent blueprint for public reference. The administration's actions indicate a resurgence of the pre-war political culture in various aspects, making it challenging to assess their efficacy accurately.

From my perspective, Getachew Reda's administration is unlikely to meet public expectations. The existing organizational structure and political culture lack the necessary readiness to genuinely address the dark chapters of the war and its underlying causes for the betterment of the people. Consequently, inefficiency, chronic corruption, and power struggles are likely to persist.

Furthermore, many argue that Tigray should focus on reclaiming its territorial integrity. While such sentiments may sound appealing, they fail to consider the gravity of the crisis in its entirety. The interim administration may make promises tirelessly, but the task at hand is immensely challenging. Without a comprehensive blueprint to systematically address the multifaceted threat posed by Eritrea, the large territories of Tigray in the northwestern and western zones remain vulnerable.

### Fitsum Berhane (Facebook): 0/100

2) ምንም ነጥቢ ዘውህን ስራሕቲ የለን:: 3) ጉዳይ ግዝኣታዊ መሬት ትግራይ: ጉዳይ ፖለቲካዊ እሱራት ተጋሩ: ጉዳይ ስርቂ ሰብኣዊ ሓገዝ: ጉዳይ መሃያ ሰራሕተኛታት መንግስቲ: ጉዳይ ጉዱኣት ኣካል ተጋደልቲ: ጉዳይ መርድእ ስውኣት: ጉዳይ ፀጥታ ድሕንነትን ህዝቢ: ብሓፈሻ እዚምን ካልኦትን ክገብሮም ዝግበኦም ስራሕቲ እናሃለዉ ዘይተተግበሩ ኣገድስትን ወሰንትን ጉዳያት እዮም::

### Fish O’two (Facebook): 5/100

ካብ ሚኢቲ 5 እዩ ዝህቦ። ንምንታይ ንዝብል። ብቀንዱ ፍትሕን ተሓታትነትን ኣብ ልዕሊ ፅንተት ዝፈፀሙልና ኣካላት ንምርግጋፅ ዘኽእል ዋላ ሓንቲ ክያዶ ዘይምርኣየይ እዩ። ብዝርዝር ድማ

፩) ንምርግጋፅ ፍትሕን ተሓታትነትን ኣብ ልዕሊ ተሳተፍቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ዝነበረ ፃዕሪ ኣቅሂምዎ እዩ

፪) ኣሳታፍን ሓቛፋይን ግዚያዊ መንግስቲ ኣያጣየሸን

፫)ግዝኣት ትግራይ ካብ ኢድ ወረርቲ ናፃ ከውፅእ ኣይከኣለን

፬) መንግስትን ውድብን ኣይፈላለዩን

፭) ዝተመዛበለ ህዝብና ናብ መረበቱ ኣይተመለሰን

፮) ሰብኣዊ ሓገዝ ብግቡእ ክባፃሕ ብዘይምግባሩ ሐዚ'ውን ህዝቢ ትግራይ ብሰንኪ ጥሜትን ሕማምን ይመውት ኣሎ

፯) ሰራሕተኛታት መንግስቲ እስካብ ሐዚ ውዝፍ ደመወዞም ኣይተኸፈሎምን

፰) ስምምዕነት ፕሩቶሪያ ዋላ በቲ ዝተሓተ ብርኪ ክፍፀም ኣይገበረን

፱) ህዝብና ካብ ስግኣት ኲይናት ናፃ ክወፅእን መፃኢኡ ክውስን ዘኽእል ባይታ ኣየመቻቸወን

፲) መስዋእቲ ኣባላት ሓምት ዝኾኑ ኣሕዋትና ኣሓትናን ብግቡእ ንህዝብና ኣይተነገረን። ፀገም እቶም ጉዱኣት ኣካል ዝኾኑ ኣባላት ሓምት'ውን ኣይፈትሐን።

፲፩) ዓርሰ ምርኮሳ ንምርግጋፅ ዘኽእል እታወት ሕርሻ ንገባራት ትግራይ ክማላእ ኣይገበረን ኮታስ ብሓፈሻ ኩለን ከፈፅመን ቃል ዝኣተወንን ብቅደም ሰዓብ ዝሰርዐንን ዋላ ሓንቲ ኣይሰርሐን። እታ 5'ውን ዝሃብኩዎ ዋላ ብክእለቱ ድዩ ብፃዕሪ ካልኦት ብዘይግድስ ነታ ድምፂ ጥይት ዘይምላዋን ነታ ናይ ቁሩብ ኣዋርሕ ደሞዝን እዩን።

**Fthawi Hurui (Facebook): 20/100**

2) ምናልባት እቲ ምስ ዲፕሎማት ዓለም እናተረኸበ ዘካይዶ ዘሎ ዲፕሎማስያዊ ርክባት ድሌትን ረብሓን ትግራይ የረድእ ይህሉ (ናይ ምርዳእ ዓቕሚ ውሱንነት ኣለዎ ኢለ ስለዘይሓስብ) ብዝብል እምነት

3) ተናሓናሕቲ ውድባት ሓዊሱ ምስ ኹሎም ፖለቲከኛታትን መራሕቲ ሲቪክ ማሕበራትን ሓቀኛን ቅኑዕን መደረኻት ኣዳሊዉ ዘይምምይያጡ፣ ብውዕሊ ፕሪቶርያ መሰረት ትግራይ ምሉእ ብምሉእ ሓራ ክትወፅእ ዘይምግባሩ፣ ፈቓዶ ስደት ዘሎ ህዝብና ናብ መረበቱ ክምለስ ዘይምግባሩ

ወዘተ

**Fasika Amdeslasie Gebrekirkos (ፋሲካ ዓምደስላሰ ገብረጨርቆስ) (Facebook): 20/100**

2)They might have prevented another war so far, they have opened up for itmes to come to Tigrai, banks resumed, internet, phone resumed

3. Food not distributed, hunger not alleviated, salary not paid (regional civil servants, territory not secured, education in schools not started, no clear direction set and communicated, lawlessness is still there,

ሕቶ ዝተልኣኸሎም ካልኦት ሰባት

| | |
|---|---|
| Abraha Desta (Facebook) | ሪኢዎ፤ ኣይመለሰን |
| Amdom Gebreslasie (Facebook) | ሪኢዎ፤ ኣይመለሰን |
| Asmeslash Tesfay (Facebook) | ሪኢዎ፤ ኣይመለሰን |
| Ermias Amare (Facebook) | ሪኢዎ፤ ኣይመለሰን |
| Getachew Aregawi Wurayna (Facebook) | ሪኢዎ፤ ኣይመለሰን |
| Gidey Tesfay Gesessew (Facebook) | ሪኢዎ፤ ኣይመለሰን |

| | |
|---|---|
| Grmay H. Lilay (Facebook) | ሪኢዎ፤ ኣይመለሰን |
| Shashu Gebrehiwot (Facebook) | ሪኣቶ፤ ኣይመለሰትን |
| Mickey Raya (Facebook) | ሪኢዎ፤ ኣይመለሰን |
| Woldegiorgis G. Teklay (Facebook) | ሪኢዎ፤ ኣይመለሰን |
| Zemen Gebremedhn (Facebook) | ሪኢዎ፤ ኣይመለሰን |
| መርከብ ነጋሽ (Facebook) | ሪኢዎ፤ ኣይመለሰን |
| ተስፋ ኪሮስ (Facebook) | ሪኢዎ፤ ኣይመለሰን (ኣብቲ ሕቶ ሕቶ ነይርዎ) |
| BK Brook (Facebook) | ሪኢዎ፤ ኣይመለሰን |
| Haile Arefayne (Facebook) | ኣይረኣዮን |
| Mersea Kidan | ኣይረኣዮን |
| Assefa Abay (Facebook) | ኣይረኣዮን |
| Mulu B. (Twitter) | ሪኢዎ፤ ኣይመለሰን |
| Esayas Hailemariam (Twitter) | ይርኣዮ ኣይርኣዮ ኣይፍለጥን |
| Heran Haile (Twitter) | ሪኣቶ፤ ኣይመለሰትን |
| Tigisti (Twitter) | ትርኣዮ ኣይትርኣዮ ኣይፍለጥን |
| Millete Birhanemaskel (Facebook) | ኣይረኣየቶን |
| Báshá Déstá (እናኸድካ ምኻድ) (Facebook) | ኣይረኣዮን |
| ተኬ ማኛው (Facebook) | ኣይረኣዮን |
| Tek Hai Geb (Facebook) | ኣይረኣዮን |